# ሕማም ንፍዮ

**ሕማም ንፍዮ ኣዝዩ ከቢድ ሕማም እዩ**



ሕማም ንፍዮ ዕንፍሩርን ትኩሳትን ዘስዕብ ከቢድ ሕማም እዩ።

ሕማም ንፍዮ ኣዝዩ ዝመሓላለፍ እዩ። ሕማም ንፍዮ ዘለዎ ሰብ ናብ ደገ ከስተንፍስ፣ ክስዕል ወይ ክህንጥስ ይዝርጋሕ እዩ።

ዝኾነ ዘይተኸትበ ሰብ ብንፍዮ ክልከፍ ልዑል ተኽእሎ ኣለዎ።

ሕማም ንፍዮ ብፍላይ ንህፃናትን መንእሰይ ወለዶ ሓደገኛ ይኸውን። ኣብ ገለ እዋን ድማ ሞት ዘስዕብ ይኽእል።

**ቤተሰብኩም ካብ ሕማም ንፍዮ ተኸላከሉ**



+ቤተሰብኩም ካብ ሕማም ንፍዮ ንምኻልካል ዝሓሸ መንገዲ ክትባት ብምክታብ እዩ። ዶክተራት ኩሎም ህፃናት ናይ MMR (ሜሜኣር) ክትባት ንክወስዱን ዓበይቲ ሰባት'ውን ነቲ ክትባት ኣብ እዋን ቁልዕነት እንድሕር ዘይወሰዱ (ሓንቲ)ንክኽተቡ(ክ) ይመኽሩ።

ናይ MMR (ሜሜኣር) ክትባት ሕማም ንፍዮ ንምክልኻል ዘተኣማምንን ውፅኢታዊን እዩ። ንሕማም ጽግዕን ሩቤላን (ንፍዮ ጀርመን) ይከላኸል።

ናይ MMR ክትባት (ሜሜኣር ክታበት) ምውሳድ ንሕማም ንፍዮ ካብ ምቕላዕ ብዝበለጸ መንገዲ ዘተኣማምን እዩ።

ህፃናት ዝበዝሕ እዋን ብምኽንያት እቲ ክትባት ዘጋጥሞም ጎናዊ ፀገም የለን። ውሑዳት ድማ ከም ትኩሳት፣ ልዙብ ዕንፍሩር ወይ ቁስሊ ዝመሳሰሉ ጎናዊ ፀገማት ዘጋጥሞም እንትኾን እዚኦም ድማ ንብዙሕ እዋን ኣይፀንሑን።

**ናይ MMR (ሜሜኣር) ክታበት ኦቲዝም ኣየስዕብን**

ሳይንቲስታት ቆልዑት ንኦቲዝም ዘቃልዖም ምኽንያት እንታይ ከኸውን ከምዝኽእል ንምፍላጥ ኣብ መጽናዕቲ ይርከቡ። መብዛሕትኦም ሳይንቲስታት ናይ ስድራቤት ዘርኣዊ ውርሻ ሰባት ኦቲዝም ከማዕብሉ ክገብሮም ልዑል ተኽእሎ ከምዘሎ ይሰማምዑ። ብተወሳኺ ኣብ መንጎ ኦቲዝምን እቲ ሰብ ዝነብረሉ ቦታ ክህሉ ዝኽእል ርክባት የጽንዑ ኣለዉ።

ኣብ መንጎ ኦቲዝምን ናይ MMR (ሜሜኣር) ክታበትን ርክብ ክህሉ ከምዝኽእል ዘረጋገጸ መጽናዕቲ የለን። እዚ ኣብ ዓለም ዘለዉ ብዙሓት ዶክተራትን ሳይንቲስታትን ብጥንቃቐ ከጽንዕዎ ጸኒሖም እዮም።

ብዛዕባ ንፍዮ ወይከኣ ናይ MMR (ሜሜኣር) ክታበት ካልእ ሕቶታት እንተሎካ ንሓኪምካ ሕተት።

**ንዚያዳ ሓበሬታ፥**

www.doh.wa.gov/measles
www.kingcounty.gov/health/measles

# ንፍዮ ዘለካ እንድሕር መሲሉካ እንታይ ክትገብር ኣለካ

## ናይ ንፍዮ ምልክታትን ከመይ ከምዝስፋሕፋሕን

ንፍዮ መብዛሕትኡ ግዜ ብልዑል ረስኒ፣ ሰዓል፣ ኣፍንጫ ዘረብረብ ምባል፣ ምቕያሕን ምንባዕን ዓይኒ ይጅምር። ድሕሪ 3-5 መዓልቲ፣ ኣብ ገጽካ ዕንፍሩር ይጅምረካ ካብኡ ናብ ካልኦት ኣካላት ሰውነትካ ይስፋሕፋሕ።

ንፍዮ ካብ ዘለዎም ሰባት ዕንፍሩር ቅድሚ ምጅማሩ ቅድሚ 4 መዓልቲ ጀሚርካ ዕንፍሩር ምስጀመሮ ክሳዕ 4 መዓልቲ ኣብዘሎ ግዜ ንፍዮ ናብ ካልእ ሰብ ከመሓላልፍ ይኽእል እዩ።

ንፍዮ ዝሓዞ ሰብ ኣብ ዝነበረሉ ክፍሊ ብምህላውካ ጥራይ ንፍዮ ክትተሓዝ ትኽእል ኢኻ። እቲ ናይ ንፍዮ ቫይረስ እቲ ዝተለኸፈ ሰብ ካብቲ ኽፍሊ ምስ ወጸ ክሳዕ ክልተ ሰዓታት ኣብቲ ኣብ ኣየር ክጸንሕ ይኽእል እዩ።

## ናይ ሕማም ምልክታት እንድሕር ርኢኹም ናብ ዶክተር ወይ ናብ ክሊኒክ ደዉሉ

ንምርመራ መምፃእ እንተኣድልይኩም ዶክተርኹም ወይ ክሊኒክ የፍልጠኩም።

ሕማም ንፍዮ ኣዝዩ ተመሓላላፊ ስለዝኾነ ኣብ ጊዜያዊ መዕረፊ ክፍሊ ንካልእ ሰብ ከተመሓላልፍ ትኽእል ኢኻ። **ቅድሚ** ምኻድካ ናይ ንፍዮ ምልክታት ይረኣዩኻ ከምዘለዉ ንዶክተርካ ወይ ንክሊኒክ ምንጋር ኣገዳሲ እዩ። እቲ ንፍዮ መታን ከይተስፋሕፍሖ እንታይ ክትገብር ከምዘለካ ክነግሩኻ እዮም።

## ንፍዮ እንድሕር ኣለካ ካብ ገዛኻ ኣይትውጻእ

ንፍዮ ናብ ካልኦት ዘይምስፍሕፋሕ ኣገዳሲ እዩ።

ንፍዮ እንድሕር ኣለካ ካብ ገዛኻ ኣይትውጻእ። ናብ ቤት-ትምህርቲ፣ ስራሕ፣ ናብ መደበር፣ ወይ ናብ ናይ ካልኦት ሰባት ገዛውቲ ኣይትኺድ።

ንስኻ ወይ ድማ ቆልዓኻ ረስኒ ወይ ዕንፍሩር እንድሕር ኣለካ ካልኦት ሰባት ናብ ገዛኻ ክመጹ ኣይትፍቀድ።

**ንዚያዳ ሓበሬታ፡**

www.doh.wa.gov/measles

www.kingcounty.gov/health/measles

DOH 348-651, July 2018 Tigrinya

እዚ ሰነድ እዚ ንጉድኣት ኣካል ብካልኦት መንገዳት ተዳልዩሎም ይርከብ። ሕቶ ንምቕራብ፣ ብኽብረትኩም ብቁፅሪ ቴሌፎን 1-800-525-0127 (TTY/TDD 1-800-833-6388) ደውሉ።